# ፕረዚደንት ኢሳያስ፡ መንግስተታት ኤርትራን ኢጣልያን ኣብ ዝተፈላልየ ዓውድታት ዝነበረን ምትሕግጋዝን ከሐይላ ከምዝተረዳድኣ ሓቢሩ

--------0--------

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ መንግስተታት ኤርትራን ኢጣልያን ኣብ ዝተፈላልየ ዓ ውድታት ዝነበረን ምትሕግጋዝን ከሐይላ ከምዝተረዳድኣ ትማሊ ኣብ ኢጣልያን በልጁምን ዘካየዶ ዑደት ፈጺሙ ሎሚ ንግሆ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ ግዜ ንኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣብ ናይ ኢጣልያ ዑደቱ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበ-ስልጣን ኢጣልያ ከምኡ እውን ምስ ናይ ብሕቲ ክፋል ዘካየዶ ርክብ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድና ዘተኮረ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ልምዓታዊ መደባትን ካልእ ዝተፈላለየ ዓውድታት ዘሎ ምትሕግጋዝ ዝቀላጠፈሉን ኣብ ካልእ ሓደስቲ ፕሮክትታትን ብሰፊሕ ከምዝዘተዩ ሓቢሩ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ እቲ ዝዓበየ ኣተኩሮ ምስ ብሕታዊ ክፋል ዝግበር ምትሕግጋዝ ኮይኑ፡ ኣብ ቱሪዝም፡ ሃብቲ ዓሳ፡ ሕርሻ፡ መጉዓዝያ ብፍላይ ኣብ ናይ ኣየር ብዙሕ ናይ ወፍሪ ዕድላት ስለዘሎ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስትን ዘይመንግስታውያንን ጉዳያት ዳህሲስካ ኣብ ሞንጎ ናይ ክልቲኣን ሃገራት ብሕታዊ ክፋላት ኣብቶም
ዓውድታት ዝግበር ወፍሪ ምይይጥ ከምዝተገብረ ገሊጹ። ኣብዚ ዑደት ናይተን ትካላት ተገይሩ እቲ መጽናዕቲ ከምዝተወድአ ጠቒሱ፡ እቲ ፕሮጀክት ብወገን ናይ ኤርትራ ብሕታዊ ክፋል እንተላይ ናይ መንግስቲ ትካላት ዘለውኦ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት እዚን ዝመጽእ ዘሎ ዓ መትን ዝቕጽለሉ ስምምዓት ተገይሩ ከምዘሎ ሓቢሩ። ናይ መንግስቲ ኢጣልያ ዘይመንግስትውን ናይ ብሕቲ ክፋል ዘለውዎ ልኡኽ ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ኩሉ ዘድሊ ዳህሳስ ክግበሩ ምዃኖም፡ ካብ ኤርትራ እውን ናይ ብሕቲ ክፋል ኣውፈርቲ ናብ ኢጣልያ ብምኻድ ብዕምቆት ዳህሳስ ከምዝገብሩ ድማ ኣረዲኡ።

ንተራ መንግስቲ ጣልያን ኣብ መስርሕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምልከት ፕረዚደንት ኢሳያስ፡ መንግቲ ጣልያን ንሃገሩ ጥራይ ዘይኮነስ ንኤውሮጳ ወኪሉ ክትዋሳእ ከምዝጸንሐ ጠቒሱ፡ ኣብ ኣተሓሕዛ እቲ ጉዳይ ሓላፍ ዘላፍ ከምዝነበረ ኣረዲኡ። ነዚ ብዕምቆት ድሕሪ ምዝርራብ "ድሕሪ ሕጂ መንግስቲ ጣልያን እቲ ጉዳይ ብኸመይ ክተሓዝ ከምዘለዎ ኣብ ንጹር መረዳእታ ተበጺሑ ኣሎ ክበሃል ይከኣል ድማ" ኢሉ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣብ ብራስለስ በልጁም ምስ ፕረዚደንት ኮሚሽን ኤውሮጳዊ ሕብረት ሚስተር ሮማኖ ፕሮዲ፡ ኮሚሽነር ፖል ኔልሰን፡ ሚስተር ሃቨየር ሶላናን ካልኦት ሰበ-ስልጣን ናይቲ ኮሚሽንን ብዛዕባ ዝጸንሐ ምትሕግጋዝ ዘተኮረ ከምዝተዛረቡ እውን ገሊጹ።

ኣብ ምዋያስ፡ ሰብኣዊ ጉዳያትን ካልእን ክብገስ ዝግብኦ ሓገዝት ጸዲቑ ክንሱ መንግስቲ ኤርትራ ክማላእ ዝግብኦ ኣማሊኡ ከሎ ብዘይርዱእ ምኽንያት ከይተበገሰ ስለዝጸንሐ ምርድዳእ ከምዝተገብረሉ ሓቢሩ። ድሕሪ ምርድዳእ እቲ ጸገም ካብኦም ምዃኑ ተረዲኦም ከምዘለዉ ነቲ ነገር ንምብጋስ ሓደ መምርሒ ከዳልዉ እሞ እቲ ተደናጉዩ ዝጸንሐ ናይ ምትሕግጋዝ መደባት ክቀላጠፍ ኣብ ምርድዳእ ከምዝተበጽሐ ድማ ኣረዲኡ።

ብዘይካ እዚ ብዛዕባ ግዝያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ዘይምምስራት፡ ንምምስራቱ ዘሎ ጻዕሪ፡ ዝፍጠሩ ዘለዉ ጸገማት በየን ዝመጹ ምዃኖምን ካልኦት መሰረታዊ ዘይኮኑ ሕቶታት ዝለዓሉ ዘለዉ እንታይ ምዃኖምን ከምዝተዘራረብሉ ገሊጹ። ነቲ መስርሕ ሰላም ንቕድሚት ብምድራኽ ብወልቀ ደረጃ ከም ሃገራት ይኹን ብእኩብ ከም ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝሓሸ ባይታ ኣሎ ክበሃል ከምዝከኣል ድማ ኣብሪሁ።

*****ኣ.ዜ.ኤ*******